**II (     .2)-**

II ነይሩ። እዚ ግን መንግስቲ ጀርመን ን ነዊሕ ግዜ ዜትዩሉን ወጢንዎን እዩ። ካብ ዕለት 17 መጋቢት ጀሚዱ ድማ እዚ ምኽራር ናይ ዑቕባ ሕግታት ስርሑ ጀሚሩ ኣሎ። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ድማ ንኹሎም ስደተኛታትን ተሓጋገዝቶምን ትርጉም እዚ ሓዲሽ ሕጊ እንታይ ማለት ምኻኑ ንኽንጽረልኩም ክንገልጾ ኢና።

ምቅልጣፍ ናይ ዑቕባ መስርሕ (ዓንቀጽ **30** ኣ ሕገ-ዑቕባ)

ኣብዚ II ምቅልጣፍ መስርሕ ዑቕባ ተኣታትዩ ኣሎ። „ምቅልጣፍ“ ክንብል ከለና፡ ባምፍ (ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ሃገረ ጀርመን) ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ሕቶ ዑቕባ ስደተኛ ይቕበል ወይ ይነጽግ። ኣብዛ ሰሙን እዚኣ ድማ ስደተኛታት ክሳብ ውሳኔ ዝወሃቡ ኣብ ፍሉይ መዕቆቢ ቦታ ይጸንሑ።

ፍሉይ መዕቆቢ ቦታ ክንብል ከለና ወሳኔ ሕቶኦም ክሳብ ዝወሃቦም ኣብቲ መጻንሒ ቦታ ይቕመጡ ማለት እዩ። እዚ ማለት፡ ካብ ውሕስነት ዘለወን መበቆል ሃገራት (ከምኡ ውን ሓደ ሓደ ተወሰኽቲ ነጥብታትን፡ ቀጺሉ ዝግለጽ) ዝመጹ ስደተኛታት ኣብ ፍሉይ ቦታ ይጸንሑ። ኣብዚ መእከቢ ቦታ ድማ ክሳብ መስርሕ ዑቕባ ዝውዳእ ይጸንሑ። ናይ ዑቕባ ጠለቦም እንተ ተነጺጉ ድማ ክሳብ ካብዚ ሃገር ዝጥረዙ ኣብኡ ይጸንሑ። ስለዚ ካብ ውሕስነት ዘለወን ሃገራት ዝመጹ ስደተኛታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ናብ ሃገሮም ይጥረዙ ማለት እዩ። ክሳብ ዝጥረዙ ድማ ሓደ ሰሙን ግዜ ኣለዎም ነቲ ምንጻግ ዑቕባ ብ ሕጋዊ መገዲ ይግባይ ክብሉ። ነዚ ከተግብሩ ግን ብዛዕባ መሰሎም ኣቕዲሞም ክሕበሩ ኣለዎም ። ክሳብ ሕጂ ክሲ ዘጠርዝ ሳዕቤን ኣይነበሮን ከምኡ ውን ምስ ምትሕሓዝ ህጹጽ ሕቶ እዩ ዝስራሕ ነይሩ። ኣብ መክለንበርግ-ፎርፖመን ከመይ ገይሩ እዚ ኣድሽ ኣሰራርሓ ከም ዝሰላሰል ስጋብ ሕጂ ዝተበጽሐ ነገር የለን። ካብተን ኣርባዕተ ፈልማውያን ወዕቆቢ ስደተኛታት ኣየነይተን ፍሉይ መዕቆቢ ከም ትኸውን ወይ ውን ልክዕ ከም ቀደም ጉዳዮም ዝተነጽገ ብዘይ መንበሪ ምኽንያት ኣብኡ ክጸንሑ ይኽእሉ ድዮም ኣይክእሉን ውን ዝተፈልጠ ነገር የለን።

ማሕበር ስደተኛታት ናብቲ መዕቆቢ ስደተኛታት ኣትዩ ብዛዕባ መሰላት ሓበሬታ ይህብ እኳ እንተኾነ፡ ንኹሉ ስደተኛ ረኺቡ ከዘራርብ ግን ኣዝዩ ከቢድ እዩ።

ቃለ መጠየቓት (ኢንተርቪዩው) ንመጻኢ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ኢዩ ክግበር። ድሕሪ ቃለ መጠየቕ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ካብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ናይ ውሳኔ መልሲ ይመጽእ። ቤት ጽሕፈት ካብ ሰሙን ንላዕሊ ግዜ ምስ ዝወስድ ግን፡ እቶም ስደተኛታት ካብቲ ፍሉይ መዕቖቢ ስደተኛታት ወጺኦም ኣብቲ ከባቢ ዘሎ መንበሪታት ስደተኛ ክምደቡ ይኽእሉ።

ኣብ ሽተርን-ቡኽሆልዝ ኣብ ዚ ሓጺር እዋን ናይ ስደተኛታት መማዕበሊ ቦታ ተሰሪሑ ኣሎ። ናብኡ ዝምደቡ ስደተኛታት ግን እቶም ሃገራቶም ውሕስነት ዘይብለን ኮይኖም፡ ናይ ምቕባል ልዑል ዕድል ዘለዎም ስደተኛታት ከይኮኑ ኣይተርፉን እዮም። እዘን ሃገራት እዚኤን ድማ ሶርያ፡ ኤርትራ፡ ዒራቕን ኢራንን እየን። ሆርስት ንባዕሉ ን ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ነቶም ካብ ውሕስነት ዘለወን ሃገራት ዝመጹ ስደተኛታት ኣብኡ ንኽእክቦም ሙቹእ ቦታ ይፈጠረሉ። ምኽንያቱ፡ ሕማቕ ናይ መጎዓዝያ መራኸቢ ኣውቶቡሳት፡ ሕጽረት ናይ ሕጊ ጠበቓታት ኣብቲ ከባቢ፡ ከምኡ ውን ዋሕዲ ተሓባበርቲ ስደተኛታት ብድሌት፡ ቀንዲ ተደላይነት ናይዚ ቦታ ብቤት ጽሕፈት እዮም። ናይ ባዘፖልን ፉንፍኣይሸንን ዘሎ ቦታ ን መሕደሪ ጥራይ እዩ ዝጥቀምሎም ዘለዉ። ስጋብ ሕጂ ውን ናይ ኢንተርቪው ቦታ ክኸውን ከምዝኽእል ዝተፈልጠ ነገር የለን።

ምቅልጣፍ ናይ ዑቕባ መስርሕ ንመን ብቐጥታ ይትንክፍ፧

- ሓተቲ ዑቕባ ካብ ውሕስነት ዘለወን ሃገራት ዝበሃላ ኣብዚ እዋን እዚ፡ በዓል ኣልባኒያ፡ ቦዝንያን ሀርዞጎቪናን፡ ጋና፡ ኮሶቮ፡ ማቸዶኒያ፡ ሞንተኔግሮ፡ ሰነጋልን ሰርብያን እየን።
- ናይ ሓሶት መንነትን ዜግነትን ኣምጺኦም „ዝበሃሉ“ሓተቲ ዑቕባ። ንኣብነት ኣገደስቲ ሓበሬታታት ምስ ዝርስዑ ወይ ውን ኣገደስቲ ወረቓቕቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ምስ ዘየረክቡ።
- ብፍላጥ መንነቶምን ፓስፖርቶምን ዝሰወሩ ስደተኛታት።
- „ምቕጻል ጉዳይ ሓተቲ ዑቕባ“። እዚ ማለት ጉዳዮም ዝተዓጽወ ሓተቲ ዑቕባ፡ ሓደስቲ መርትዖታት ኣብ ግዜ ዑቕባ ዘጋጠመ ሒዞም ከም እንደገና ምስ ዝቐርቡ። ንኣብነት ኣብ መበቆል ዓዱ ሓታቲ ዑቕባ ስድራቤቱ ኣብ ሓደጋ ምስ ዝኣትዉን ንሱ ናብ ዓዱ እንተ ተመሊሱ ስድራቤቱ ክቕተሉ ምኺኖም መረጋገጺ ምስ ዘምጽእን።
- ኩነታት ህላዌኦም ብ መስርሕ ናይ ዳብሊን ስምምዕ ንኸይድለዩ ንኽዕንቅፉ ናይ ኣጻብዕቲ ስምብራት ምግባር ዝኣበዩ ሓተቲ ዑቕባ።
- ን ውሕስነት ህዝብን ስርዓትን ተባሂሉ ክስጎጉ ዝተወሰነሎም ሓተቲ ዑቕባ።

እዞም ቅጥዕታት ቀንዲ ዕላምኦም፡ ን ቁቡላት ዝኾኑ ሕቶታት ዑቕባ ንምቕናስ እዩ። መንግስቲ ጀርመን ቀንዲ ሒዝዎ ዞሎ ኣሰራርሓ ምስንባድ ስደተኛታት እዩ። ንዝተወሰኑ ስደተኛታት መጻኢ ዘይብሉ ዕድል ኣብዛ ሃገር ምስ ዝርእዩ፡ ስደተኛታት ካብተን ሃገራት ዝመጹ እንዳ ወሓዱ ይመጹ ማለት እዩ። እዚ ከምዚ ክኸውን ከሎ፡ ቅዋም ስደተኛታት ሕጂ ውን ንጎኒ ተገዲፉ ኣሎ ማለት እዩ። ካብዘን ውሕስነት ኣለወን ዝበሃላ ሃገራት ዝመጹ ብዙሓት ስደተኛታት ከም ዝገልጹ፡ ኣብ መስርሕ ቃለ መጠየቕ ብዙሕ ግዜ ዕሽሽ ከም ዝበሃሉን ቀልጢፎም ዘረበኦም ንኽውድኡ ጸቕጢ ከምዝግበረሎምን ይንገር እዩ። እዚ ተግባራት እዚ እምበኣር ኣብዚ ፍሉይ መዕቆቢ ዝበሃል ዘሎ ቦታታት መሊሱ ከም ዝገድድን ስደተኛታት ውን ጠበቓ ወይ ውን ተሓባበርቲ ስደተኛታት ሒዞም ክካትዕሉ ኣብዘይክእሉ ደረጃ ንምብጻሕን ዝዓለመ እዩ።

ከበድቲ ሳዕቤናት ስደተኛታት ካብ መንበሪኦም ምስ ዝንቀሳቐሱ (ዓንቀጽ **33** እዝባር **2** ቁጽሪ **3** ሕገ-መንበሪ)

ኣብ መንበሪኻ ምጽናዕ ማለት ዝተወሰኑ ሰባት ካብ ዝተወሰነ ከባቢ መንበሪኦም ክወጹ ኣይፍቀዶሎምን እዩ። እተን ናይ መጀመርያ 3 ወርሒ ናይ ዑቕባ መስርሕ ስደተኛታት ኣብ ምሉእ ኣውራጃ መክለንቡርግ-ፎርፖመን ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ እዮም። ነዞም ኣብ ፍሉይ መንበሪ ዑቕበኛታት ዝተመደቡ ግን ካብ ሕጂ ንነው ዝተረረ ሕጊ ተበዩንሎም ኣሎ። ካብታ ዝተመደቡላ ንኡስ ዞባ ወይ ወረዳ ክንቀሳቐሱ ኣይፍቀደሎምን እዩ። እንተ ደኣ ካብ ቦትኦም ተንቀሳቒሶም ድማ ቤት ጽሕፈት ስደተናታት (ባምፍ) መስርሕ ጉዳይ ዑቕበኦም ጠጠው የብሎ። እቶም ዑቕበኛታት ድማ ጉዳዮም ከም እንደገና ክኽፈተሎም ይሓቱ። ይኹን ደኣምበር እዚ ዕድል ዳግማይ ምኽፋት ሓንሳብ ጥራይ እዩ ዝፍቀደሎም። ብድሕሪኡ ግን ከም መቐጸልታ ምሕታት ዑቕባ ይቑጸር እሞ እቶም ስደተኛታት ሓደስቲ ምኽንያት ሒዞም ክቐርቡ ኣለዎም ማለት እዩ።

ተኽእሎ ምጥራዝ ዝሓመሙ ስደተኛታት (ዓንቀጽ **60** ኣ ሕገ- መንበሪ ስደተኛታች)

ብ ቋንቋ ጽሑፍ ሕጊ እዚ ጉዳይ እዚ ማለት ናይ ሕማም ግዳይ ዝኾኑ ስደተኛታት ክጥረዙ ከም ዘይክእሉ „ይግመት“። እዚ ማለት፡ ዝሓመሙ ስደተኛታት ካብ ምጥራዝ ምትራፍ መንግስቲ ጀርመን ርትዓዊ ገይሩ እዩ ዝወስዶ። ዝሓመሙ ዝበሃሉ ናይ ኣካላት ድኽመት ዘለዎም (ንኣብነት ድሕሪ መጥባሕቲ) ከምኡ ውን ስነኣእምራዊ ጭንቀት (ንኣብነት ምልክት ጭንቀት ብሰንኪ ሳዕቤናት ሕሉፍ ተመክሮ) ንዘለዎም ሰባት እዩ።

ኣብ መጻኢ ግን ናይ ሕክምና ምኽንያት ካብ ምጥራዝ ከትርፍ ዝኽእል እንተደኣ እቶም ዝሓመሙ ስደተኛታት ካብ ክኢላ ሓኪም መሰነይታ ወረቐት ምስ ዘምጽኡ ጥራይ እዩ። እቲ ናይ ሓኪም ወረቐት ድማ ኣብ ጉድይ ፍቓድ መንበሪ ዓቢ ተራ ይጻወት (ዓንቀጽ 60 ኣ እዝባር 2 ሲ ሕገ-መንበሪ ስደተኛታት)። እቲ ናይ ሓኪም ወረቐት ድማ ብቕልጡፍ ናብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ክመሓላለፍ ኣልዎ። ተዘይኮይኑ ብቕዓቱ ይጠፍእ (ዓንቀጽ 60 ኣ እዝባር 2 ዲ ሕገ-መንበሪ ስደተኛታት)።

ክሳብ ሕጂ ብ ፓራግራፍ ዓንቀጽ 60 እዝባር 7 ሕገ-መንበር ስደተኛታት ዝኾነ ከቢድ ሕማም ዘለዎ ስደተኛ ሕማሞም ኣብ ሃገሮም ክሕከም ዘይክእል እንተኾይኑ ናብ ዓዱ ክጥረዝ ኣይክእልን እዩ ነይሩ። ኣብ ኣዝዩል ፓከት ቁ. 2 ግን እዚ ሕጊ እዚ ኣብ ስራሕ ዝውዕል፡ እንተደኣ እቲ ሕማም ክሳብ ሂወት ክልክም ዝኽእል እንተ ኾይኑ ጥራይ እዩ። ብተወሳኺ ውን ብቕዓት ሕክምና ናይ ሰደተኛ ሃገር ውን ምስ ናይ ጀርመን ኣይነጻጸርን እዩ ከም ቀደም። ማለት፡ ከም ናይ ጀርመን ቅጥዕታት ዘማለእ ክኸውን የብሉን። ብተወሳኺ ውን ኣብ ሃገሮም ሕክምናዊ ረዲኤት ክግበረሎም ከም ዘለዎም ሓላፍነት ዝወስድ የለን። ኣብ ሃገሮም ናይ ምሕካም ተኽእሎ ከም ዘሎ እንተ ተነጺሩ እኹል እዩ።

እዚ ሓዲሽ ሕጊ ኣንጻር ውጽዓት ስደተኛታት ክሳብ ክንደይ ጭካነን ኢሰብኣውነትን ናይ ኣዝዩል ፓከት ቁ. 2 ኢዩ ዘርእየካ። ብሓፈሻ ኣብዚ መሰል ዑቕባ ኩነታት ጥዕና ስደተኛታት ወሳኒ ተራ ከምዘይጻወት ኢዩ ተገይሩ። ኣቲ ዓንቀጽ ብንጹር ዘርእየካ ነገር ግን፡ እዘን መንግስታዊ ፓርትታት መምዘኒ መሰል ደቂ ሰባት ኣብዚ ሓዲሽ ሕጊ ከም ዘየእተወኦ የብርሃልካ። ንዘይ ጀርመናውያን እቲ ብውሕዱ ኣብ ደቂ ሃገር ክኸውን ዘለዎ ናይ ሕክምና ጠለባት ብዘይ ምምልኦም፡ ነቲ ኣብ ቁዋም ዘሎ ማዕረ ክንክን ንኹሉ ዝብል ኣብ ሕቶ ምልክት የእትዮሞ ማለት እዩ። ብተወሳኺ ውን ኣብ ሓንቲ ሃገር ናይ ሓደ ሕማም ሕክምና ኣሎ ድዩ ወይስ ብርግጽ ክሕከም ይኽእል ኢዩ ፈላሊኻ ዘይምርኣይ፡ ማሕበራዊ ቅርጽታት ናይተን መበቆል ሃገራት ብዑቱብ ኣብ ግምት ዘይምእታው ማለት እዩ። ንኣብነት ሓደ ናይ ሃብታማት ሕክምና ኣብ ዋና ከተማ ጋና ኩሉ መሳለጥያታት ዘማልእ ኣሎ ክበሃል ከሎ፡ ዝኾነ ወዲ ሃገር ኣብኡ ከይዱ ክሕከም ይኽእ እዩ ማለት ኣይኮነን።

ምቕናስ ደሞዝ ዑቕባኛታት (ዓንቀጽ **3** ሕገ-ኣበርክቶ ንሓተትቲ ዑቕባ)

ሕጊ ኣበርክቶ ንሓተትቲ ዑቕባ ክቕየር እዩ። እዚ ማለት፡ ሓተትቲ ዑቕባ ዝወሓደ ገንዘብ ይወሃብ ማለት እዩ።

ንኣብነት ሓደ ልዕሊ ዕድመ ኣብ መዑቆቢ ስደተኛታት ዝነብር 135 ዩሮ ጥራይ እዩ ክወሃብ። ክሳብ ሕጂ 145 ዩሮ ወርሓዊ እዩ ነይሩ። እዚ ንባዕሉ ንምንባር ዘይኣክል ክነሱ ከም እንደገና 10 ዩሮ ተቖሪጽዎ። እዚ ገንዘብ ኣድላይነቱ ንኣብነት ኣብ ናይ መንግስታዊ ቆጸራ ናይ ኣውቶቡስ ትኬት ምስ ዘድሌካ፡ ን ኣስፔዛ፡ ን ዓዲ መደወሊ፡ ወይ ጠበቓ ንምኽፋል ... ቀዘተ እዩ።

እዚ ክፋል ናይ ኣዝዩል ፓኬት ቁ. 2 ውን ነቲ ኣብ ናይ ዚ ሃገር ቅዋም ኣብ ቅድሚት ነዲፉ ዘሎ ናይ ማዕርነት መለክዒ ዝጻረር እዩ። መንግስቲ ጀርመን በዚ መሰረት ነቲ መሰረታዊ ቅዋም ናይዛ ሃገር፡ ማለት ብቑዕ መሰል ደቂ ሰባት ንኹሎም ብ ማዕረ ንዝብል ኣብ ሕቶ ምልክት የእትይዎ ኣሎ።

ምምጻእ ስድራቤት ግዝያዊ ዑቕባ ንዝተዋህቦም ስደተኛታት ጠጠው ምባል(ዓንቀጽ **104** እዝባር **13** ሕገ-መንበሪ)

እቶም ብ „ግዝያዊ ውሕስነት“ ዝተቐበልዎም ስደተኛታት (ዓንቀጽ 25 እዝባር ገጽ 1 ን 2 ን ሕገ-መንበሪ ስደተኛታት) ንዝመጽእ ዘሎ ክልተ ዓመት ስድራቤቶም ናብ ጀርመን ከምጽኡ ኣይክኽእሉን ኢዮም። መንግስቲ ጀርመን ነዚ መግለጺ ከውጽኣሉ ከሎ፡ ምምጻእ ስድራቤት ካብ ዕለት 16.03.2018 ኢዩ ክጅመር። እዚ ሕጊ ዝምልከቶም ድማ እቶም ካብ ድሕሪ 17.03.2016 ብ ግዝያዊ ክንክን ዝተቐበልናዮም እዮም ኢሉ።

ኣብ 2015 ኣስታት 1200 ሰባት በዚ ማዕረግ ተቐቢሎሞም። ብዓይኒ ፖለቲካ ክትርእዮ ከለኻ ግን ብብዝሒ በዚ ዓንቀጽ ምስ ዝቐበልዎም ጥራይ እዮም ትርጉም ዝህብ። ቅድሚ 2015 እዚ መቐበሊ ማዕረግ ን ካብ ሶርያ ዝተሰደዱ ጥራይ እዩ ዝወሃብ ነይሩ። ማሕበር ስደተኛታት መክለንበርግ-ፎርፖመን ኣብ ዝመጽእ ኣዋርሕ ከምዚ ኢሉ ከም ዝቕጽል እዩ ዝግምት። ብፍላይ ድማ ኣብ ዞባታት ሶርያ ከም ኣፍ መንግስቲ ዝብሎ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ስርዓት ኣሳድ ዝኣተወ ኣከባቢ ከም „ውሑስ“ ቦታ ስለ ዝቖጽሮ።

እዚ ናይ „ግዝያዊ ውሕስነት“ ማዕረግ ከም ምቕባል ስደተኛ ብ ስምምዕ ጀነቫ ብዙሕ „ሓለፋታት“ ዘማልእ ኣይኮነን። ብመሰረቱ ን ሓደ ዓመት ጥራይ ኢዩ ዘገልግል። ስለዚ እንተ ደኣ ኩነታት ስደተኛ ኣብ ጥርጥር ክኣቱ እንተ ጀሚሩ እዚ ይወሃብ። ንኣብነት ሶርያውያን ጸገም ምስ ስርዓት ኣሳድ ዘለዎምን ውሑዳት ብሄራትን ጥራይ እዮም።

ሓዲሽ ሕጊ ምጥራዝ ን ገበን ዝፈጸሙ ስደተኛታት ከምኡ ውን ፍሉይ መስርሕ ምቕባል ዑቕባ ን ገበን ዝፈጸሙ ስደተኛታት

ሓተቲ ዑቕባ ን ፍርዲ ዝበቅዕ ከቢድ ገበን ምስ ዝፍጹሙ፡ ን መጻኢ ብቐሊሉ ናብ ሃገሮም ክጥረዙ ይኽእሉ ኢዮም። „ፍሉይ ድሌት ምጥራዝ“ ዝበሃል (ዓንቀጽ 54 ሕገ መንበሪ ስደተኛታት) ሓዲሽ መስርሕ፡ እንተደኣ ሓደ ጀርመናዊ ዘይኮነ ሰብ ብ ገበናት ዝተመዝገበ፡ ናይ ሓይሊ ገበናት ዝፍጽምን ብውሑዱ ን ሓደ ዓመት ማእሰርቲ ይፍረድ። ካብ ሓደ ዓመት ንታሕቲ ምስ ዝፍረድ ግን፡ ካብ ሎሚ ንንየው ኣብ ዓይኒ „ፍሉይ ድሌት ምጥራዝ“ ይኣቱ።

እዚ ኣሰራርሓ እዚ ብ ሓደገኛ ኣገባብ ቅዋማዊ ሕግታት ይትንከፍ። ክልተ ሕገ-ዓንቀጻት ድማ ኣብ ሓደ ይጽንበራ። እዚ ሓድሽ ሕጊ ናይ ዓሌትነት ኣፈላላይ ዝሓዘለ መለእኽቲ እዩ ዘመሓላልፍ። ምኽንያቱ ናይ ገበን ተግባራት ሓደ ገበነኛ ምስ መበቆል ሃገር ስለ ዝዛመድ ዘሎ። ሓደ ጀርመናዊ ገበነኛ ኸ ገበን ምስ ዝገብር ካብዛ ሃገር ክትሰጎ ኣለካ ኢሉ ዝሓስብ ሰብ ከ ዶ ይህሉ፧ እሞ ኸ ሓደ ጀርመናዊ ተጋሳሲ ደቀንስትዮ ካብ ሓደ ወጻእተኛ ከምኡ እታይ እዩ ዝሓሸ ዝገብሮ፧

<u>ጥቡቕ ቁጽጽር ብ ጸጥታ ኣብ መዕቆቢ ስደተኛታት (ዓንቀጽ **44** እዝባር **3** ሕገ-መንበሪ ስደተኛታት)</u>

ኣካየድቲ መዕቆቢ ስደተኛታት በብግዚኡ ኩነታት ሰራሕተኛታቶም ከፍልጡ እዩ ዝግባእ። ሕጋዊ ግዴትነት ግን የብሎምን። ትርጉሙ ድማ ገበን ዝፈጸሙ ወይ ገበናውያን ሰባት ኣብ መዕቆቢ ስደተኛታት ክሰርሑ ስለ ዘይብሎምም እዩ። ይኹን ደኣምበር፡ ዓሌታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎምን እዋናውያን ናዚን ሰራሕተኛታት ፍጹም ንምኽልካል ዝከኣል ኣይኮነን።

ብተወሳኺ ውን ክእለትን ሞያን ሰራሕተኛታት ብ ሕጊ ዝተቐየደ ኣይኮነን። እዚ ድማ ብፍላይ ኣብዚ እዋን ዋሕዲ ናይ ማሕበራዊ ስራሕ ኪኢላታት ተሳኢኑሉ ኣብ ዘሎ እዋን ኣዝዩ ኣስጋኢ እዩ። ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ኣስተምህሮ ብዛዕባ መሰል ዑቕባኛታትን ኣተሓሕዛ ሰባትን ክቕስሙ ይግባእ። ኣስራሕቲ ውን ብዛዕባ ሓባራዊ ናብራ ዝተፈላለዩ ባህልታትን ብዛዕባ ምፍታሕ ሽግራት ዓሌታውነት ኣብ ስራሕ ቀጻሊ ሰራሕተኛታቶም ከተባብዑ ይግባእ።

ዓሌታውነት ኣብ ትሕቲ ሕጊ - ዓሌታውነት ኣብ እተሓሳስባ

እዛ ሓዳስ ውሳኔ „ኣዝዩል ፓከት ቁ. 2“ እዚኣ ኣብ ነፍስወከፍ ዝተተንከፉ ዓንቀጽ- ሕግታት ትግህስ። ዑቕባኛታት መሰላቶም ነፊጋ ነቲ ክልተ ደረጃ ወድሰብ ዝዓይነቱ ኣሰራርሓ ሕጊ ድማ ኣግሊሓ ተንጸባርቐ።

እዛ ሓዳስ ሕንጽጽቲ ሕጊ ሓደ ግዳያ ዝኾነ ኣብ ሃገራዊ ቤትፍርዲ ቅዋም ከይዱ ምስ ዝኸስስ፡ ክትፈርስ ከም ትኽእል ብሩህ እዩ። ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ቅዋም ቅድሚ ሕደት ዓመታት ዝነጸጎም ነጥብታት፡ ኣብኡ ተነዲፎም ይርከቡ። እዚ መንግስቲ ሒዝዎ ዘሎ እዋናዊ ፖለቲካዊ መስመር፡ ማለት ናይ የማናውያን ዝደፍእሉ ዘለዉ ዓሌታዊ ዝኾነ ምንቅስቓስ ምስልሳል፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ውጽኢት ኣለዎ። ነቲ በለካ ለኽዓካ ከም ፖለቲካዊ ዕላማ ምስ ዝተሓዝ ድማ፡ ኣ ኤፍ ዴ (ኣማራጺ ን ጀርመን ዝበሃል የማናይ ፓርቲ) ቡኮታት ረኺቡ ክዕንብብ ዕድል ምሃብ ጥራይ እዩ።